TIGRINYA
Mr. Diijon DaCosta, Sr., ኣቦ-መንበር ቦርድ
Mrs. Deirdre P. Pierce፡ ምክትል ኣደ-መንበር
Mrs. Anna Hill
Ms. Whitney McGinniss
Ms. Allyson Gevertz
Mrs. Vickie B. Turner
Dr. Joyce Morley

Dr. Devon Q. Horton፡ ዋና-ኣማሓዳሪት

**ብህጹጽ ዝውሃብ ሓበሬታ**

10 ጥቅምቲ 2023

**ዝርከብ ሰብ (ኮንታክት)፥**
Donald Porter, *Ed.D.* 678-481-4110
Carla Parker 404-734-1717

## *እቲ ናይ ኣርባዕተ-ዓመት መጠን መመረቕታ ኣብያተ-ትምህርቲ ደካልብ ካውንቲ (DeKalb County) ቁሩብ ጐዲሉ*

*መጠን መመረቕታ ንኡስ-ጉጅለ ስንኩላን ተማሃሮ ግን ብተኸታታሊ ንሓሙሽተ ዓመታት ወሲኹ*

(STONE MOUNTAIN, GA) – ንተማሃሮ ዓመተ-ትምህርቲ 2023 ዚምልከት ናይ ኣርባዕተ-ዓመት መጠን መመረቕታ DeKalb County School District (*DCSD*)፡ ብመሰረት ሎምም መዓልቲ ብኽፍሊ ትምህርቲ ጆርጅያ (Georgia Department of Education) ዝተዋህበ ሓበሬታ፡ 75.77% እዩ። እቲ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ሓፈሻዊ መጠን መመረቕታ፡ ብ0.42% ከምዚጐድል ኮይኑ እዩ። ብመንጽሩ ድማ መጠን መመረቕታ ናይ ክፍለ-ሃገር ጆርጅያ (State of Georgia)፡ ካብ 84.06% ናብ 84.36% ቅሩብ ወሰኽ ኣርእዩ፣ እዚ ድማ ናይ 0.3% ወሰኽ እዩ።

"እቶም ናይ 2023 ጉጅለ መመረቕታ ተማሃሮ፡ ኣብ ምጅማር ለበዳ ሕማም ናይ ታሽዓይ ክፍሊ ተማሃሮ ዝነበሩ እዮም። ሕንፍሽፍሽ ምዕጻው ኣብያተ-ትምህርቲ፣ ጉዱድ ማንዛዊ ትምህርቲ ከምኡውን ንሓድሽ ሃዋሁ ትምህርቲ ዚሰማማዕ ለውጥታት ዝተገብረ እንከሎ፡ ናይ ኣርባዕተ-ዓመት መጠን መመረቕታ ቅሩብ ጥራይ ጐዲሉ ብምርኣየይ ፍናን ይስምዓኒ" ብምባል ዋና-ኣማሓዳሪ Dr. Devon Q. Horton ተዛሪቡ። "ሓያሎ ከበድቲ ዓመታት ኣብ ዘጋጠመሉ እዋን ንተማሃሮናን ኮማትናን ደገፍ ንምሃብ ብሓባር ብምስራሑም፡ ንተማሃሮና፡ መራሕትናን ሰራሕተኛታት ቤት ትምህርትናን ኣመስግን።"

ዓመተ-ትምህርቲ 2023፡ ኣብ ንኡስ-ጉጅለ ስንኩላን ተማሃሮ ንተኸታተልቲ ሓሙሽተ ዓመታት ወሰኽ ከምዝተራእየ የመልክት። ኣብ ዝሓለፋ ሽዱሽተ (6) ዓመታት፡ እቲ መጠን መመረቕታ፡ ብ18.38% ወሲኹ።

| 2018 | 2019 | 2020 | 2021 | 2022 | 2023 |
|---|---|---|---|---|---|
| 44.25% | 46.48% | 54.56% | 57.80% | 60.30% | 62.63% |

ኣብ Tapestry Public Charter School ዝተራእየ ኣዝዩ ዓቢ ዝኾነ ወሰኽ መመረቕታ፡ ናይ ኣርባዕተ-ዓመት መጠን መመረቕታ ናብ 93.75% ከምዚልዕል ንዝገበረ ናይ ልዕሊ 12% ናይ ክልተ-ኣሃዝ ወሰኽ ከምዘምጽኤ ዘርኢ እዩ።

ኣርባዕተ (4) ኣብያተ-ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመተ-ትምህርቲ ናይ ልዕሊ 4% ወሰኽ ኣርእየን፥

- DeKalb Alternative High School (+5.41%)- *ንተኸታታሊ ካልኣይ ዓመት*
- Tucker High School (+4.81%)
- Martin Luther King, Jr. High School (+4.66%)
- Elizabeth Andrews High School (+4.38%)

Martin Luther King, Jr. High School ከምኡውን Tucker High School፡ ኣብ ዝሓለፋ ሽዱሽተ (6) ዓመታት፡ እቲ ዝለዓለ ናይ ኣርባዕተ-ዓመት መጠን መመረቕታ ኣብ 2023 ኣርእየን፣ እቲ መጠን ድማ ብቕደም-ተኸተል ናይ 80.06%ን 84.81%ን እዩ።

-ተወሳኺ-

ካልእ ወሰኽ መጠን መመረቕታ ድማ ኣብዘን ሸውዓተ (7) ኣብያተ-ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ተራእዩ፥

- Southwest DeKalb High School (+2.89%)
- Stone Mountain High School (+2.46%)
- Towers High School (+1.89%)
- Stephenson High School (+1.47%)
- DeKalb School of the Arts (+1.30%)
- Cross Keys High School (+1.29%)
- Redan High School (+1.25%)

ክልተ (2) ኣብያተ-ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ DCSD፡ 100% ተማሃሮ ኣመሪቐን፣ ንሳተን ድማ DeKalb Early College Academy (ብተኸታታሊ ን2ይ ዓመት) ከምኡውን DeKalb School of the Arts እየን። ብተወሳኺ፡ ክልተ ኣብያተ-ትምህርትን Arabia Mountain High Schoolን፡ ንተኸታታሊ ሽዱሽተ ዓመት ልዕሊ 95 ሚእታዊት ካብ ተማሃሮኤን ኣመሪቐን።

“ካብተን ናይ 4-ዓመት መመረቕታ ዝገበራ ዕስራን ሓሙሽተን (25) ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ዓሰርተው ሰለስተ (13) ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ነቲ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ዝነበረ መጠን መመረቕታ (52%) ብኸምኡ ከምዝቕጽል ገይረን ወይ ከምዝውስኽ ገይረን። ነቲ በዘን ኣብያተ-ትምህርቲ ዝተራእየ ወሰኽ መመረቕታ ክብሪ ንህብ እንተኾንና፡ መብዛሕተን'ተን ዘለዋና ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ትሕቲ 90% መጠን መመረቕታ ከምዘለወን ንፈልጥ ኢና” ብምባል Dr. Horton ተዛሪቡ።

“ብደረጃ ኣውራጃን ቤት ትምህርትን ንዘሎ መጠን መመረቕታ መታን ኪውስኽ ንህሉው ኣገባብ ኣሰራርሓ ንኸነፋጥን ንእንወስዶ ቀጻሊ ስጉምታት መታን ክንውስን፡ ኣብቲ ዘሎና ዝርጋሔ ደገፍ ደንብታት ምቍራጽ ትምህርቲ፡ ደገፍ ስርዓት ምክያድ መመረቕታ፡ ስሩዕ ስትራተጂታት ትምህርቲ ከምኡውን ተወሳኺ ደገፋት ተማሃሮ ዓሚቑ ትንተና ኣካይድና ክንውድእ ኣሎና።”

XXX

Robert R. Freeman Administrative Complex
1701 Mountain Industrial Blvd. | Stone Mountain, GA 30083
678.676.1200 | www.dekalbschoolsga.org